Perth Children's Hospital


ናይ ጥዕና ሓቅታት

# ሕማም ቱቦታት ኣየር/Bronchiolitis

## እንታይ ኢዩ እዚ?

ሕማም ቱቦታት ኣየር /Bronchiolitis ትሕቲ ሓደ ዓመት ንዝኾኑ ህጻናት ዝጎድእ ሰዓል መሳሊ ሕማም ኢዩ። ብዝተፈላለዩ ቫይረሳት ዝላዓል ኮይኑ (እቲ ልሙድ ዓይነት ቫይረስ ግና RSV or Respiratory Syncytial Virus ዝበሃል ኢዩ)፣ እዚ ድማ ኣብ ሳምቡእ ንዝርከቡ ቀጠንቲ ናይ ኣየር ቱቦታት/ Bronchioles የጥቅዕ። ሕማም ቱቦታት ኣየር /Bronchiolitis መብዛሕትኡ ጊዜ ኣብ ክረምቲ ወርሓት'ዩ ዝለዓል።

ሕማም ቱቦታት ኣየር/ Bronchiolitis ከም ፈኩስ ሰዓል ኮይኑ ይጅምር (ንፋጥ፣ ምህንጣስን ሰዓልን)፣ ዳሕራይ ናብ ናይ ምትንፋስ ጸገም ምልክታት ይዓቢ (ቅልጡፍ፣ ዘጨንቕን ድምጺ ዘለዎ ትንፋስ) ብድሕሪኡ ምግቢ ምብላዕ የሸግረካ (መጠን፡ ብዝሒ ግዜ ወይ ድሌት ምንካይ)።




## ሳዕቤን ሕማም ፈሊኻ ምፍላጥ

ነቲ ሕማም ንምፍላይ ዝተፈለየ ምርመራ የለን፡ ኮይኑ ግና ናይ ኣፍንጫ ፈሳስታት ናብ ላብራቶሪ ተሰዲዶም ውሉድኩም በየናይ ዓይነት ቫይረስ ዝተታሕዘ ንምኧኑ ምርግጋጽ ይካኣል ኢዩ። ዓይነት እቲ ቫይረስ ግና ነቲ ዝግበር ናይ ሕማም መትኒ ኣየር /Bronchiolitis ሕክምና ኣይቅይሮን።

## ምእላይ ኣብ ገዛ

ኩሉሻዕ ኣብ ቤትኩም ወይ ጥቓ ውላድኩም ሽጋራ ንኸይተትክኹ ፈትኑ። እዚ ነገር ብፍላይ ናይ መተንፈሲ ኣካላት ሕማም ዘለዎ ውላድ እንድሕር ሃሊዩኩም ኣገዳሲ ኢዩ፡

- ንሕማም ቱቦታት ኣየር /Bronchiolitis ዘለዎም ሕጻናት መብዛሕቱኡ ጊዜ ፈውሲ ኣይሕግዞምን እዩ። ሕማም ቱቦታት ኣየር Bronchiolitis ናይ ቫይረስ ሕማም ስለዝኾነ ጸረ ረኽሲ /antibiotics ብዙሕ ጊዜ ኣይወሃብን።
- ዕረፍቲ ኣተባብዑ።
- ቁሩብ ምጥዋብን ናይ ሕሩጭ ጸባ ምሃብን፣ ደጋጊምኩም ድማ ማይ ሃቡዎም። ከምኡ እንድሕር ኮይኑ ውሉድኩም ክትምግብዎ ከለኹም ብዙሕ ኣይደኽሞን። ውላድኩም እኹል ፈሳሲ እንድሕር ዘይሰትዩ ኣካላዊ ድርቀት ክህልዎ ኢዩ።
- እንድሕር ዳኣ ውላድኩም ቅልውልው/ ዓወጽወጽ እንድሕር ኣቢልዎ ፓራሲታሞል ሃቡዎ።
- ኣብ ፈላሞት ውሑዳት መዓልቲታት ናብ ካልኦት ቆልዑት ኣይትሓውስዎ፣ ስለምንታይሲ ሕማም ቱቦታት ኣየር /Bronchiolitis ተመሓልላፋይ ናይ ረኽሲ ሕማም ስለዝኾነ ኣብ ኣናእሽተይ ሕንጢያት/ሕንጦታት ከቢድ ሕማም ከስዕብ ስለ ዝኽእል ኢዩ።

ውሉድኩም ተረቢሹን ምግቢ ምብላዕ እንድሕር ኣቢዩዎ ናብ ሆስፒታል ምውሳድ ከድልዮ ኢዩ፡

ናይ ሆስፒታል ብዓል ሞያ፥

- ኦክስጅን ክህቡ ኢዩ
- ብኣፍንጫ ብዝኣቱ ቱቦ ናብ ከብዱ ፈሳሲ ይወሃቦ፥ ሓልሓሊፉ ድማ ብመርፍእ መትኒ ደም ጠብታ ይወሃቦ።
- ዘይገዶ ዘሎ ምኺኑ ንምርግጋጽ ብቐረባ ይከታተሉ

## ክትትል

ውላድኩም ካብዞም ዝስዕቡ ምልክታት ገሊኦም እንተሃልይዎ ናብ ሓኪም ክኸይድ (ወይ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ክምለስ) ቆጸራ ውሰዱ

- ጸገም ምስትንፋስ (ቅልጡፍ ወይ ዘይስሩዕ ምትንፋስ፥ ኣብ ቆርበት ኣብ ከባቢ ክሳድን መሰንገለን ንውሽጢ ምምጣጥ፥ ርእሲ ምውጥዋጥ፡ ድምጺ ምጉርምራም)።
- ሕብሪ ቆርበቱ ናብ ሰማያዊ ወይ ጻዕዳ እንድሕር ተቐይሩን ዘርህጸ እንተኾይኑ።
- ካብቲ ዝወስዶ መጠን ምግቢ ትሕቲ ፍርቂ ዝወስድ እንተኾይኑ፤ ወይ ምግብን ፈሳስን እድሕር ተሓሲሙ።
- ካብ ወትሩ ብዝተፈለየ ኣዝዩ ዝደኸመ ወይ ድማ ድቃስ ድቃስ ዘብሎ እንተኾይኑ።
- ብዛዕባ ውላድኩም ዘሻቕለኩም ዝኾነ ዓይነት ምኽንያት እንተሃልዩ።

## ክትዝክርዎም ዝግቡኡ ቁልፊ ነገራት

ገለ ገለ ህጻናት ብሕማም ቱቦታት ኣየር /Bronchiolitis ዚያዳ ተጠቃዕቲ ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም። ውላድኩም ካብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኩነታት ሓደ እንተሃልይዎ ኣብ ቀረባ ናብ ዝርከብ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት ኣርእይዎ፤

  - ኣብ ዘይዕድሚኡ እንድሕር ተወሊዱ (ቅድሚ 23 ሰሙናት)
  - ኣዝዩ ንእሽተይ እንድሕር ኮይኑ (ካብ ዝውለድ ትሕቲ 10 ሰሙን እንተኾይኑ)።
  - ሕዱር ሕማም እንተሃልይዎ (ንኣብነት ናይ ሳንቡእ ሕማም፥ ናይ ልቢ ሕማም ፥ ናይ ነርቭ ሕማም ወይ ተፈጥሮ መከላኸሊ ጸገም ዘለዎ እንተኾይኑ)።
  - ናይ ኣቦሪጅናል ወይ ናይ ቶረስ ናይ ባሕሪ ወሽመጥ  ደሴተኛ እንድሕር ኮይኑም
- ሕንጦታት እኹል ዕረፍትን ነንእሽተይ ፈሳሲ ግን ብዙሕ ጊዜ ክወስዱ የድልዮም ኢዩ።
- ሕማም ቱቦታት ኣየር /Bronchiolitis ኣብ ፈለምቲ ውሑዳት መዓልትታት ተማሓላላፊ ኢዩ።
- ዕድሚኦም ትሕቲ 6 ኣዋርሕ ኣብዝኾኑ ህጻናት ልሙድ ኢዩ።
- ሕንጦታት ካብ 3-5 መዓልትታት ይሓሙ እሞ ካብ 7-10 መዓልትታት ኣብዘሎ ይሓውዩ። እቲ ሰዓል ግና ካብ 2 እስካብ 4 ቕነ ክጸንሕ ይኽእል ኢዩ።
- ኣብ ገዛ ሽጋራ ምትካኽ ሕንጦታት ሕማም ቱቦታት ኣየር /Bronchiolitis ናይ ምሓዝ ዕድሎም ይውስኽን ይገድድን።
- ጨው ዘለዎ ጠብታ ኣፍንጫ ወይ ዝንጸግ ሲ (ካብ ፋርማሲ) ንመተሓላለፊ ኣየር  ኣፍንጫ ንምጽራይ ክሕግዝ ይኽእል ኢዩ።

Government of Western Australia
Child and Adolescent Health Service

**Child and Adolescent Health Service**
15 Hospital Avenue, Nedlands, WA, 6009.
ቁጽሪ ስልኪ: (08) 6456 2222
ብክፍሊ ህጹጽ ሓገዝ ዝተዳለወ
Ref: 529.10 © CAHS 2023

**መዘኻከሪ:** እዚ ሕታም እዚ ንሓፈሻዊ ትምህርትን ሓበሬታን ተባሂሉ ዝተሓትመ ኢዩ። ንዝኾነ ድልየት ሕክምናዊ ምኽሪ ንብዓል ሞያ ክንክን ጥዕና  ኣዘራርቡ
© State of Western Australia, Child and Adolescent Health Service

**እዚ ሰነድ እዚ ንሓደ ስንክልና ዘለዎ ሰብ ብዝተሓላተተሉ ኣገባብ ብኣማራጺ ቅርጺ ክቕርብ ይኽእል ኢዩ።**